# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፯

**ዝቐጸለ**…
“ኣቦይ ቀሺ፣ ብዛዕባ ባህልን ልማድን ኢልኩም፣ ስለ እቲ ኣብ ኤርትራ ገዛኢ ዝነበረ ጣልያን ንዓበይቲ ዓዲ ጸዊዑ፣ ግብሪ ኣብሊዑ ዝገበሮን ዝተዛረቦን ዝነገርኩምኒ፣ እቲ ዝጠየቖም ሕንቅ-ሕንቅሊቶይ፣ ነጸላ ሃቡኑ ኢሉ ዓጢቑ፣ ኣደግዲጉ፣ ኣብ እግሮም ተምበርኪኹ፤ ‘ይቕረታ ግበሩለይ’ ዝበሎም ኩሉ ፈጺምካ ዘይርሳዕ ነገር እዩ።

“ብዛዕባ ባህልን ልማድን ናይ ኤርትራ ካብ ኣልዓልናስ፣ ብቐድሚኡውን ብዛዕባ ብዓልቲ ቤትኩም ምሕማም ኣልዒልኩም ክትዛረቡ ኸለኹም መውስቦ ‘ሕጊ እንዳባ’ ጽኑዕ ምኻኑ ጠቒስኩም ኔርኩም። እስኪ ብዛዕባ ‘ሕጊ እንዳባ’ ከመይ ምኻኑ ንገሩኒ?”

“እወ፣ ኣብ ኤርትራ ‘ሕጊ እንዳባ’ እንብሎ ስርዓት ኣሎና፣ ማሕላ መውስቦ ድማ ጽኑዕ ምኻኑውን ኣልዒለልካ ነይረ። ሰብኣይን ሰበይትን ሓዳር ኽይፋትሑ ተብሂሉ ብዋሕስ ዚመሓሓሉሉ ስርዓት፤ ‘ሕጊ እንዳባ’ እንብሎ ኣሎ። ፍትሕ ግድን እንተ መጸ ድማ ዚፈላለዩሉ ስርዓትውን ኣሎ። ንሓዋሩ ወለዲ እንተ ሞቱ ድማ ውሉድ ርስቲ ወለዶም ብግቡእ ዚካፈሉሉ ስርዓት እውን ኣሎ። ብኣጠቓላሊ ‘ሕጊ ኣንዳባ’ ተብሂሉ ይጽዋዕ።”

“እሞ ብዛዕብኡ እስኪ ቑሩብ እንታይ ምኻኑን፣ መዓስ ከም እተጀመረን፣ ኻበይከ ዝመጸ ምኻኑን ቁሩብ ንገሩኒ?”

“እንታይ እሞ እየ ኽነግረካ? ሓደ ወዲ ተባዕታይ ምስ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ሓዳር ኪጅምሩ ኸለው ናይ ክልቲኦም መሰል ምእንቲ ኺሕሎ፣ ዚግብኦም ማዕረነት እውን ንኺረኽቡ፣ ፍትሕ እንተ መጸ ድማ በብጽሒቶም ብስርዓት ንኺካፈሉ ዝተወረሰ ባህልን ስርዓትን ‘ሕጊ እንዳባ’ እንብሎ ኣሎ፣ ብሽማግሌታት ዓዲ ድማ እዩ ዚውዳእ።”

“እስኪ ወለዲ እንተ ሞቱኸ ብዛዕባ ውርሲ ‘ሕጊ እንዳባ’ ከመይ እዩ ዚግበር?”

“ብዛዕባ ውርሲ ወለዲ እንተ ሞቱ መሬት ንኹሎም ደቆም ማዕረ-ማዕረ ምእንቲ ኺካፈሉ እተሰርዔ እዩ። ኣብ ሓድ-ሓደ ባህሊ ወይ ሃይማኖት፣ ንኣብነት ናይ ኣስላም እንተ ረኣና፣ ንጓል ኣንስተይቲ ብዘይ ብጽሒት፣ ጥራይ ኢዳ ዚሰድዋ ኣለው። ብሕጊ እንዳባ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ግቡእ ብጽሒታ እያ እትረክብ፣ ኣብ ጊዜ ፍትሕ እውን ካብ ንብረት ቤታን፣ ካብ ርስቲ መሬታን ዚግብኣ ሒዛ እያ እምበር ጥራይ ኢዳ ኣይትኸይድን። እዙይ ዝተገብረሉ ምኽንያት ደቃ ንምዕባይ ንኸይትሸገር፣ መሬትን ንብረትን ምእንቲ ኺህልዋ ተብሂሉ እተሰርዐ እዩ።”

“እሞ ‘ሕጊ እንዳባ’ ተብሂሉ ብጽሑፍ እተታሕዘዶ ኣሎ፣ ወይስ ብኣፍ ልማድ ጥራይ እዩ ‘ሕጊ እንዳባ’ ዚብሃል?”

“ኣብ በቦትኡ ተጽሒፉ እተታሕዘ ኣይስኣንን፣ ግን ብሽማግለታትን ብዓበይቲ ዓድን ብልማድ ፍሉጥ ኮይኑ ብሰፊሑ ዚዝውተር ነገር እዩ። ካብ ቦታ-ቦታውን ሓል-ሓሊፉ ቖ-ቁሩብ ስለ ዚፋላለ፣ ናይ ጽንዓ-ደግለ፣ ናይ ለጎ-ጭዋ ዚብሃል ኣሎ፣ ናይ ኣኮለ-ጉዛይ ኣሎ፣ ናይ ሓማሴን ካርነሽም፣ ደቂ-ተሽም ዚብሃል፣ ናይ ሃዘጋን ጽዓዘጋን ዚብሃል ኣብ ኩሉ ኣሎ፣ ኹሉ ኸከም ቦቱኡ ይፋላሌ እዩ። ግን እቲ ፍልልዩ ቑሩብ እዩ።”

“ብምንታይን፣ ብኸመይን ደኣ እዩ እቲ ዚፋላለየሉ ነገር?”

“ብዙሕ ፍልልይስ የብሉን፣ ንኣብነት ብውሕስነት እንተ ረአና፣ ዋሕስ ኣብ ምትካልን ዋሕስ ኣብ ምዕጋትን ኩሎም ቖ-ቁሩብ ይፋላለዩ እዮም። ሐዲኦም ሓደ ዋሕስ ይእኽል ኪብል፣ እቲ ሓደ ግን ክልተ ዋሕስ ኣድላዪ እዩ ይብል፣ እቲ ሓደ ድማ ካብ ሠለስተ ዋሕስ ንታሕቲ ቕቡል ኣይኮነን ዚብል በብዓይነቱ ቖ-ቁሩብ ፍልላይ ኣለዎም።

“ኣብ ውርሲ እውን ከምኡ ሓድ-ሓዲኡ ንኹሎም ቖልዑ መርፍእን ፈትልን ከይተረፈ ጸብጺቡ ማዕረ ይካፈሉ ዚብል ኣሎ፣ እቲ ኻሊእ ድማ ንበኹሪ ዚብጽሖ ቁሩብ ሓለፉን ተረፉን ጌሩ ዜዳሉ ይመስል። ግን ፍልልዮም ብዙሕ ኣይኮነን። ኣብ ውርሲ ብጽሒት ንበኹሪ ቁሩብ ሓለፉ ዚውሃቦ፣ እቲ በኹሪ ውሉድ ወለዱ እንቲሞቱ ካብቶም ካልኦት ኣሕዋቱን ኣሓቱን ብዕድመ ዕብይ ስለ ዚብል፣ ከም ወላዲ ኾይኑ ነቶም ኣናእሽተ ቖልዑ ምእንተ ኼዕቢ፣ ንምሕጋዝ ብዚብል ድኣ እዩ እምበር ንኻሊእ ኣይኮነን።”

“ንምንታይከ ደኣ እዩ ‘ሕጊ እንዳባ’ ተብሂሉ፣ ካበይከ ዝመጸ እዩ?”

“ሰብ ሎሚ ብልማድ ኣፍ ጥራይ፣ ‘ሕጊ እንዳባ’ ደኣ ይብል እምበር ‘ኣባ መን ኢልካስ ኣባ መን ትደግም?’ ‘እዚ ስርዓትን ሕጊጋትን ካበይ መጸ፣ መንከ እዩ ዝሰርዖ?’ ኢልካ እንተ ጠየቕካዮ ሓንቲ እኳ ዚፈልጦ የብሉን፣ ምንም ኪመልሰካ እውን ኣይኽልን።”

“ኣቦይ ቐሺ፣ ሓቅኹም እወ፣ ዜሕዝን እዩ። እምበኣርከ ታሪኽ ጠፊኡ ኸይተርፍ እስኪ ናይ ‘ሕጊ እንዳባ’ መሰረትን ታሪኽ ኣማጻጽእኡን ከመይ ምዃኑ ግለጹለይ።”

“ኣቐዲምና ‘ሕጊ እንዳባ’ ኽንብል ከሎና ‘ሕጊ’ ምዃኑ ምፍላጥ የድሊ፣ እዙይ ማለት ድማ፣ ሎሚ ከም ባህልን ልማድን ኮይኑ ኣብ ኩሉ ቕቡል ክኾነሉ ዝኸኣለ ምኽንያት ኣቐዲሙ ‘ሕጊ’ ኾይኑ ብኣዋጅ መንግሥቲ ስለ ዝተሰርዐን፣ ዝተሓገገን እዩ…”

**ይቕጽል**…